# 10 ምኽርታት ባህሪ ነድሪ ጠጠው ንምባል

NEWCOMER PARENT RESOURCE SERIES

**ህጻናት ዓመጸኛ ክኾኑ እንከለው ህድእ ኢልካ መልሲ ምሃብ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ ይኹን እንበር፣ ብዘይፍላጥ ዝተሐብአ ስሚዒቶምን ባህሪኦምን ዘግህዱ ህጻናት ሓንስሓንሳብ ንገዛእርእሶም በቲ ዝፈልጥዎ ኣገባብ ጥራሕ ከምዝገልጹ ምዝካር ይግባእ፡፡**

**ኣብ ታሕቲ ዘለው ዓሰርተ ምኽርታት ንዓመጸኛ ነዳራይ ባህርይ ብርግኣትን ብዘይምቁራጽን ምላሽ ንምሃብ ዝሕግዙ እዮም፡፡ ፈቃር፣ ርህሩህ፣ ህዱእን ዓቃልን ብምዃን ባህሪኦም ብምግናሕን ዶባት ብምቕማጥን ውላድካ ውሕስናን ድሕንነትን ዝስመዖን ክኸውን ክትሕግዞ ትኽእል ኢኻ፡፡ ብእዋኑ እንድሕር ተጊህካ ድማ፣ ካብ መፈለምትኡውን ነዳራይ ባህርይ ከይፍጠር ምክልኻል ክትክል ኢኻ፡፡**



1. ውላድካ ክገብሮ ንዝኽእልን ክገብሮ ንዘይኽእልን ጭቡጥን ክውንን ትጽቢት ይሃልኻ፡፡ ህጻናት ቀስ ብቐስ ዓርሶም ምቁጽጻር ከምዝመሃሩ ተገንዘብ፡፡

2. ዓመጸኛ ነዳራይ ባህርኦም ብኸመይ ከምእትፈትሖ ግልጺ ትልሚ ሓዝ፡፡

3. ውላድካ ዝኾነ ጎዳኢ ነገር ከምዝፈጸመን (ንኣብነት፣ ምውቃዕ/ምህራም ጎዳኢ ከምዝኾነን)፣ ምፍጻሙ ምፍላጡን፣ ምፍላጡ ርግጸኛ ኩን፡፡

4. ውላድካ እቲ ዝፈትዎ ወይ ዝደልዮ ንምርካብ ከመይ ካልእ ኣገባብ ክሓትት ከምዘለዎ ኣርእዮ፡፡ ንጻዕርታቱ ድማ ኣድንቕ፡፡

5. እቲ እትደልዮ ባህርይ መርኣያ ግበር፡፡ እቲ ከርእይዎ ዝግባእ ባህርይ ንውላድካ ኣርእዮ፡፡

6. ምስ ውላድካ እዋን እትሕልፈሉ ጊዜ ይሃልኻ፡፡ ስራ|ሕቲ ክትሰርሕ እንከለኻ ንውላድካ ኣሳትፍ፡፡ ብሓበር ክትዘናግዑ ምእንታ ቴሌቪዥንን ሞባይል ተሌፎንን ኣጥፍእ፡፡

7. ውላድካ ካብ መጠን ንላዕሊ ክህንጦ ወይ ክደክም እንከሎ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ኣዝሕል፡፡

8. ኣብ እትጽበዮ ባህርይ ጽኑዕ ኩን፤ ኮይኑ ግና ውላድካ ክደክም፣ ክጠምዮን ክጭነቕን እንከሎ ተለዋዋጢ ተለዋዋጢ ባህርይ ይሃልኻ፡፡

9. በብዕለቱ ንኣዎንታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ጊዜ ይሃልውካ (ንኣብነት ንምጉያይ፣ ንምዝላል፣ ንምሕኻር፣ ንምስዕሳዕ፣ ንምንክብላል)፡፡

10. ዘርእይዎ ባህርይ ብዘየገድስ ምስውላድካ ህዱእ፣ ሕያዋይ፣ ቅኑዕን ፈቃርን፣ ኩን፡፡

ንዝበለጸ ብዙሕ ቋንቋ ዘለዎ ናይ ወለዲ ሓበሬታ ኣብ **cmascanada.ca/cnc/parents** ተዓዘብ

CMAS
SUPPORTING CHILD CARE IN THE SETTLEMENT COMMUNITY / SOUTIEN DE LA GARDE DES ENFANTS DANS LA COMMUNAUTÉ DE RÈGLEMENT
Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada / Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada